# ጽምብል ባሕቲ መስከረም ኣብ ከተማ ሃምቡርግ
# ብዓወት ተዛዚሙ



ብምኽንያት ባሕቲ መስከረም መበል 53 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ብዕለት 06.09.2014 ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማታት ሃምቡርግ፡ ብረመን፡ ሉቤክ፡ ኪልንን ነታ ዕለትን ንሓያል መኸተ ህዝቢ ኤርትራን ዘንጸባርቕ ብታሪኻውን ባህላዊ መደባት ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ተሳተፍዎ ዕውት ሃገራዊ ጽምብል ሓደ መስከረም ተኻይዱ ።



መደብ በዓል፡ ዝኽሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ኣቦ መንበር ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጅለ ሃምቡርግ ኣቶ ክፍሎም ጸሃየ ንኣኽበርቲ ጽንብል ባሕቲ መስከረም ፡ ኣመልኪቱ ፡ ሚዛን ሓደ መስከረም ክሳብ ክንደይ ረዚን ሃገራዊ መልእኽቲን ምስጢርን ዝሓዘለት ክብርቲ ዕለት ምዃና ዝገልጽ ካብ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ.ደ.ፍ. ፍራንክፈርት ጀርመን ዝተላእከ ጽሑፍ ንተሳተፍቲ ብድሕሪ ምቕራብ ተሳተፍቲ ኣብቲ ኣወሃሃዲት በዓል ዘዳለወቶ እንግዶትን መዘናግዒን ብውሁድን ሰኒትን ዝዓብለሎ ሃዋህው ምውሳእ ቀጸሉ ።



እቲ ብብዝሒ መንእሰያትን ሕጻናትን የዕሩኽ ኤርትራውያንን ዝተሳተፍዎ ጽምብል ሓደ መስከረመ ብድምቀትን ብኽብ ዝበለ ማዕርግን ብድሕሪ ምብዓል ብዉዕዉዕን ልዑልን ሃገራዊ መንፈስ ተዛዚመ ።

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ

ኣካያዲት ኣካል ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጅለ ሃምቡርግን ከባቢኡን